# ንወለዲ ተመሃሮ ቀዳማይ ደረጃ 2020/03/18 ናይ ምድላው ሓበሬታ

ነዚ  ሎሚ ኣብ ሽወደን ኣጋጢሙ ዘሎ ፍሉይ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ናይ ፋልሾፒን ኮሙን ቆልዑን ትምህርቲን ምምሕዳር Barn- och utbildningsförvaltningen ብዛዕባ ቀጻሊ ኣድላይነት ናይ ርሑቀት ትምህርቲ ሓበሬታ ክህበኩም ይደሊ ።

ሎሚ ኩሉ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ናብ ናይ ርሑቀት ትምህርቲ ተቀዪሩ ኣሎ። ከምኡ ውን መንግስቲ ሽወደን ንቀዳማይ ደረጃን ንመዋእለ ህጻናትን ኣመልኪቱ እዚ ሓዲሽ ኣዋጅ ክትኣታቶ ከምዝኽእል ኣፍሊጡ።

ካብ መንግስቲ ናይ ርሑቀት ትምህርቲ ንተምሃሮ ቀዳማይ ደረጃ ንምቅያር ውሳኔ ኣብ ዝወጸሉ ግዜ፡ ንተምሃሮ ተመሳሳሊ ዕድል ንምሃብ ምድላዋት ይግበር ኣሎ። እንድሕር እዚ ውሳነ ተተግቢሩ ቤት ትምህርትን ወለድን ናይ ተመሃሮ መሰል ትምህርቲ ንምምላእ ብሓባር ክሰርሑ ይግባእ።

ግዴታዊ ትምህርቲ ቅጻሊ ስለ ዝኾነ፡ ተመሃሮ ንመምሃሪ ዝኸውን ቅድመ ኹነትን ደገፍን ካብ መማህራን ክረኽቡ ኣለዎም።

ሚኒስተር ሚንስትሪ ትምህርቲ ኣና ኤክስትሮም ብሓሙስ ኣብ ዝለኣኸቶ ደብዳቤ መንግስቲ ሰሚስተር ናይ ትምህርቲ (terminen) ከናውሕ ከም ዝኽእልን ከምኡ ውን ቀዳምን ሰንበትን ትምህርቲ ክሀሉ ከም ዝኽእልን ዝብል ውሳነ ከም ዘውጸአ ኣፍሊጣ። እዚ ውሳነ ክኣ ተምሃሮ ግቡእ ናይ ትምህርቲ ግዚኦም ንክረኽቡ እዩ። ተመሃሮ ብዲጂታላዊ መንገዲ ጌሮም ትምህርቶም ምቅጻል ክኣ ሓደ መንገዲ ናይ ግዜ ዘይ ምብኻን እዩ። ሎሚ ተመሃሮ ኮምፒተራዊ መምርሒታት ምኽታል ልሚዶሞ ስለ ዝኾኑ ወላ ውን ናይ ክፍልን ናይ ቤት ትምህርትን ቅድመ ኹነታዊ ፍልልይ እንተሎ ከም ቤት ትምህርቲ መጠን ንናይ ርሑቀት መምሃሪ ዝኸውን ብዙሕ ዕድላት ኣሎና።

ነእቶም ተምሃሮ  ወለዶም ኣብ ኣገደስቲ ህዝባዊ ኣገልግሎት ዝሰርሑ እሞ ኸኣ መንግስቲ ንኽይቋረጹ ዝወሰነሎም  ፍሪቲድስ fritidshemsplacering ንምቅጻል ምድላዋት ይግበር ኣሎ ።

ኣብ ህጹጽ ዝኾኑ እዋናት ፍሪቲድስ fritidshemsplacering ቀዳምነት ንዝግብኦ ምሃብ ከድሊ እዩ ። በዚ ምኽንያት ክኣ ወለድን ፍሪቲድስን ብሓባር ክሰርሑ ይግባእ።

ኩለን ቤት ትምህርትታት ናተን ናይ ትምህርቲ መደባትን ናውትን ዝኸውን ሓበሬታ ክህባ እየን። ናይ ተምሃሮ መዓልታዊ ትሕዝቶ ናይ ትምህርቲ ንምድጋፍ ኣብነታዊ መደባት ትምህርቲ ክግበር እዩ። ኣብ ናይ ፋልሾፒን ኮሙን ዌብ ሳይት ናይ ኣገደስቲ ትካላት ሓበሬታ ሊንክ ኣሎ፡ ኣብኡ ብምእታው ሓዲሽ ምዕባሌታት ተ ኸተሉ።

https://www.falkoping.se/

ሰናይ ምትሕብባር

Karina Bronell, Skolchef